# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኣደላይድ ዓመታዊ ገምጋም ህዝባውያን ማሕበራት ኣካይዶም፡ መደባት 2011 እውን ተሊሞም።



*መልበርን 28 መስከረም 2010፡* ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኣደላይድ፡ ኣብ ከተምኦም ናይ ዘለዋ ኩለን ህዝባውያን ማሕበራት ሓድነት ንምትራር ዝዓለመ "ሓደነትና መግለጺ መንነትና'ዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ናይ ሓደ መዓልቲ ዝውዓለ ሰፊሕ ዓውደ-ዘተ ከምዘካየዱ ቤት ጽሕፈት ጠቐላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ካብ ከተማ መልበርን ሓቢሩ።

እዚ ትማሊ ሰንበትን ኣብ ከተማ ኣደላይድ ዝተኻየደ ዓውደ-ዘተ፡ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ ኣውስትራልያ፡ ማሕበር ደቀ-ንስትዮ ከተማ ኣደላይድ፡ ጉጅለ ህግደፍ ከተማ ኣደላይድ፡ ሽማግለ መኸተን መንእሰያትን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ዘካየድዎ ንጥፈታት ዝግምግምን፡ መጻኢ መደብ 2011 ዝተለመ ዓውደ-ዘተ ኮይኑ፡ ኣብ ቀጻሊ ብኣድማዕነት ንምስራሕ መደባት ተሓንጺጹ።

ጠቐላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ኣቶ በሽር እድሪስኑር ኣብቲ ዓውደ-ዘተ ተረኺቡ "ምሕያል ውዳበ ህዝባውያን ማሕበራት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ መጽናዕታዊ ወረቐት ከቕርብ ከሎ፡ ምሕያል ማሕበረ-ኮማትን ግንባርን፡ ምሕያል ኮሚቴታት መኸተን ምርግጋጽ ቀጻልነትን፡ ከምኡ'ውን ኣገዳስነት ፌስቲቫላትን ሃገራውያን በዓላትን ካልእን ኣብ ዝብል እርእስትታት ሰፊሕ መብርሂታት ሂቡ። ኣስዒቡ ኣቶ በሽር፡ ሓያል ውዳበ ማሕበራት ደቀንስትዮን መንእሰያትን ክህሉን፡ ሓያል ዝምድና ህዝብን መንግስትን ቀጻልነት ክህልዎ ኣብ ዝብል ኣርእስትታት'ውን ሰፊሕ መብርሂ ክህብ እንከሎ፡ ኣብ ወጻኢ



ዝርከብ ህዝቢ ሓድነቱ ብምድልዳል ኣብ ሰፉሕቲ መደባት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣበርክቶኡ መታን ከሕይል፡ ተራ ናይ'ዘን ህዝባውያን ማሕበራት ኣገዳሲ ምኻኑ ገሊጹ።

ብተወሳኺ ኣቶ በሽር፡ ኣብ ኩሉ ስርሓት ናይ'ተን ማሕበራት ርእሰ-ትኣማንነት ኣሕዲረን፡ ብዲሲፕሊናዊ ኣገባብ ንኽሰርሓሉ ክሕግዝ ዝኽእል፡ መጽናዕታዊ ወረቐት ኣቕሪቡ።
ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ስድራቤት ሰማእታት መዊሎም ንዝወድኡ ዜጋታት ናይ ምስጋና ሰርቲፊኬት ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ካብ ኢድ ኣቶ በሽር እድሪስ ኑር ተዓዲሉ።

ኣብ ደቡባዊ ኣውስትራልያ፡ ከተማ ኣደላይድ ዝርከቡ ኤርትራውያን ብሓያል ውዳበ ክንቀሳቐሱ ዝጸንሑን፡ ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፋ ናይ መኸተ ዓመታት ኣብ ኩሉ ዓይነት ንጥፈታት ብልዑል ሓይሊ ዝዋስኡ ዘለዉ ኮይኖም፡ ብፍላይ ሽማግለ መኸተ ብምቛም ድማ ኣብ ምድንፋዕ ወፈያታት መኸተን ኩሉ ሃገራዊ ግቡኣት ኣብ ምምላእን ሓያል ኣበርክቶ የካይዱ ከምዘለዉ ይፍለጥ።